# ሓውልቲ ኮይንኹም ዘለኣለም ክበሩ

ተፈጢርካ ምሟት ነበረ ካብጥንቲ
ንሰብ ዝወረደ ንሓጢያት መቕፃዕቲ
ግናኽ ኣማዉታ እዞም ህፃዉንቲ
ዋዲኞ ኮነ ዘይተሓሰበ መፀፀቲ

ብሓደ በሊዕና ብሓደ ሰቲና
ብቋንቋ ብባህሊ ፈላዪ ዘይብልና
ቱኹሉ ተሪፉ ፅልኢ ይኸሸና
ኢሎም ምስመረፁ ኵናት ኣወጁልና

ገበርቲ ዘይንቡር ካበይ ተፈጠሩ
ሰላም ዘይፈትው ወትሩ ዘዕገርግሩ
ሕውነት ዘይደልዩ ጎረበት ዘየኽብሩ
ቀትሪ ምስማዕልቲ ዘእዉዩ ዝጭድሩ

ክንከይድ ኪዱታ! ሃገር ኢና ኩኑታ!
እዙይ ሃቡናታ! እንትብሉ እንኩታ!
በዚሑዎም ግዲ ንኹሉ እሺታ
ምሒር ሓንቂቖምስ ኣንዳዕድዑታታ

ይግረምኩም እንትብሉ ኣወጁታ ኵናት
ብኞድሚት ገዲፎም መፁታ ብድሕሪት
ወተሃደር ፈሪሖም መረፁ ቆልዑት
ኢድናያ ክጠውዩ ክኣስሩ ኩርንኩሪት

ተንኮል ዘይፈልጡ ብዘይካ ግርህነት
ኵናት ታይ ምኻኑ ዘይነበሮም ኣንፈት
ትምህር ዉዒሎምስ ትፅቢቶም ጠዓሞት
ዋዲኞ ወዲቁዎም ተፈሪዱዎም ሞት

ቡንባታት ዘነበ ኣብልዕሊ ቤትትምህርቲ
ኣብዘይ ኣበሱታ ኣብቶም ህፃዉንቲ
ተባሂሉ እንትዝረብ ክረድእ ጎዬዬ
መንእሰይ ሓረነ ዓብዪ ጎሃዬ

ብዘይተሓሰበ ዕሽላት እንትሞቱ
ከተማ መቐለ ብቐትሩ ፀልሚቱ
ወለዲ ኣዕገርገራ ኣምሪረን በኽያ
ኣየ ዋይ ዋይ ኮነ ጨጉራተን ነፀያ

ትምኒት ወለድኹም ብነዊሑ ነይሩ
ስድራ ክሕብሕቡ እቶት ክእምርሩ
ዓቢኹም ክሪኡ ብተስፋ እንትፅዕሩ
ኩሉ ታሪኽ ኮይኑ ቀርዩ ብሓፂሩ

ዕፃኹም ካብኮነ ያ ነበሩ
ስማእታት ዓይደር በሉ ተዘከሩ
ሓውልቲ ኮይንኹም ዘለኣለም ክበሩ
ኣበሳ ዘይብልኩም ኣብገነት ንበሩ

ዓለም ይኸንኖ ይፍለጦ ሕማምና
ኣብካልኦት ከይድገም ዝወረደ ኣባና
ኣይፋሕጥሩና ክጠሉ ቁስልና
ኢዶም ይኣክቡ ይርሓቁ ካባና

ብርሃን ሃይሉ